## ምድላው ንእዋን ዕረፍቲ

## ኣዋልድን ኣወዳትን

## ጸወታ፣ ስፖርት፣ ተፈጥሮ፣ ሙዚቃ

## ኣብ ስዊዘርላንድ እቲ ዝዓበየ ማሕበር መንእሰያት

## ምስ ምሉእ ዓለም ምርኻብ

## ዕርክነት ምምስራት

## ተሞክሮኣዊ ዕንደራ

battasendas

zur Verfügung gestellt durch die Pfadi Luzern und Pfadi Aargau

Dieser Flyer wurde mit freundlicher Unterstützung erstellt von:

- contakt-citoyenneté (Förderung interkullturelles Zusammenleben)
- Varieta (Kompetenzzentrum interkulturelle Öffnung SAJV)
- Eidgenössische Fachstelle für Rassismusbekämpfung FRB

## እንቋዕ ደሓን መጻኹም!

ኣብ ፋዲ ምስታፍ ቀሊል እዩ። ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ንተግባራትና ምእንቲ „ክላለዩ“ ይዕደሙ እዮም።

## ካልእ ሕቶ'ዶ ኣለኩም?

እቶም መራሕቲ፣ ኣንስትን ሰብኡትን፣ ናይ ከባቢኩም ቅርጫፍ ፋዲ፣ ብዛዕባ ፕሮግራማት ፋዲ ኣስፍሕ ኣቢሎም ክገልጹልኩምን ሕቶታት እንተለኩም ድማ ክሕግዙኹም ድሉዋት እዮም።

**Kontaktadresse:**

tigrinya

# [ ፋዲ ]

መን ኢና፣ እንታይ ንገብር

battasendas



# እዛ ፋዲ...

...ካብ 42000 ንላዕሊ ኣባላት ዘለዋ ኣብ ስዊዘርላንድ እታ ዝዓበየት ማሕበር መንእሰያት እያ።

...ካብ ፖለቲካውን ሃይማኖታዊን ጽልዋ ነጻ እያ።

...ካብ እትምስረት 100 ዓመታት ዝሓለፈ ክኸውን ከሎ ኣብ ምሉእ ዓለም 45 ሚሊዮን ኣባላት ዘለዋ ትንቀሳቐስ ማሕበር እያ።

...ኣብ ኩሉ ቆልዑ ዝነብርዎ ቦታታት ይካየድ፡ ኣብ ኩሉ ማሕበር ዓድታት፣ ኣብ ሃገረሰባትን ከተማታትን።

# ዕላማና

ፋዲ ዘይርሳዕ ተመክሮታት፣ ምሕዝነታትን ብዙሕ ሓጎስን ማለት እዩ።
ኣብዚ እዋን ቆልዑ ዝመሃሩዎ

- ንገዛእ ርእሶምን ንኻልኦትን ሓላፍነት ምውሳድ።
- ግሉጻት ምኳንን ኣብ ጉጅለ ድማ ንኻልኦት ተገዳስነት ንኽህልዎም።
- እዋን ዕረፍቶም ባዕሎም ንኽውጥኑ።
- ንተፈጥሮ ይላለዩ፣ ከመይ ጌሮም ድማ ንዕኡ ክከናኸኑ ከም ዝኽእሉ ይፈልጡ።

እተን ፋዲታት ብዝተኻእለ መጠን ነቲ ዝገብርኦ ነገራት ከከም ዕድሚኦም ብዝተኻኣለ መጠን ባዕለን እየን ዝቐራርቦኦ።



# ንጥፈታትና

ኣብ ከተማ ይኹን ኣብ ሃገረሰባት፣ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ግዳም፣ ተግባራትና ከምቲ ድልየት እቶም ቆልዑን መንእሰያትን ብዙሕን ዝተፈላለየን እዩ።

- እዋን ዕረፍቲ ኣብ ቴንዳ ወይ ድማ መኻዚኖታት፣ ምጉዓዝን ተሞክሮኣዊ ዕንደራን
- ሓዊ ኣጒድካ ምዕላል፣ ምስሓቕን ምዝማርን
- ምዕንዳር፣ ምጽዋት፣ ምግቢ ምስራሕ፣ ምስናዕ
- ናይ ገመድ ድልድላት ምድያብ ከምኡውን ኣጓዱ ምስራሕ

እቲ ቀንዲ ዕላማ ኣብ ጉጅለ ዘሎ ህይወት እዩ። ኣብዚ መደባት ይሕንጸጻ፣ ዕርክነት ይፍጠር ከምኡውን ብዛዕባ ንሰብ ዘግድሳ ኩለን ነገራት ይዕለላ። እቶም ቆልዑ መብዛሕትኡ ጊዜ ቀዳም ድሕሪ ቀትሪ እዮም ዝራኸቡ። እቲ ዝለዓለ ናይ ፋዲ ዓመት፣ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ትምህርቲ ዝግበር ብሓባር ምስፋር እዩ።

# ዝተፈላለያ ጉጅለታት

ቢበር «Biber» (5 – 7 ዓመት)
ቮልፊ «Wölfli» (6 – 11 ዓመት)
ፋዲስ «Pfadis» (10 – 15 ዓመት)
ፒዮስ «Pios» (14 – 17 ዓመት)

መራሕቲ፣ ኣዋልድን ኣወዳትን
(እንተወሓደ 17 ዓመቶም)
እቶም መንእሰያት፣ ኣዋልድን ኣወዳትን መራሕቲ ከሎ ገና ነዚ ሓላፍነት ዝመልኦ ስራሕ ይቕረቡ እዮም። እቲ መደባት ታዕሊምን ቀጻሊ ትምህርትን ምስ ሰብ ሙያ እዩ ዝካየድ (መንእሰያት + ስፖርት)።

ዝኾነ እንተኾነ ፋዲ(PTA)
Pfadi Trotz Allem (PTA)
PTA ንኹሎም ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ወይ ድማ ብዙሕ ዝተፈላለየ ጉድለታት ንዘለዎም ቆልዑን መንእሰያትን ክፍትቲ እያ ከምኡውን ንዕኦም ብዝተኻእለ መጠን ፍሉያት ብዝኾና ተግባራት ክእለቶምን ብልሓቶምን ይምኮሩ። እቲ ታሕጓስ ብንምን ዓይነት መገዲ ኣይተርፍን እዩ።

# ዋጋ

ንዓመት ዳርጋ 70.- ፍራንከን። ኣብ ልዕሊኡ ከኣ ንዝተፈላለያ ጉዳያት፤ ንምስፋርን ንዑደትን ከምኡውን ንፍሉይ ዝኮነ ኣጽዋራት (ናይ ፋዲ ካምቻ፣ ሻንጣ፣ ወ.ዘ.ተ.) ዝኽፈል ዋጋታት።

